# ድሕነት ድሕነት ጨንያ መሬት!

**7ይ ክፋል**

*ብገዛኢ ኪዳን*

ክቡራት ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት ከመይ ቀኒኹም ኣማንዶ? እዚ ዘሎናዮ መድረኽ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓዲሽ ናይ ሰላም፡ ናይ ሓድነትን፡ ምትእምማንን ባብ ዘርሓወ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ መሰረት ብምግባር ኣብ ፓልቶካትን፡ ብጹሑፍ ኣብ መርበባት ኢንተርነትን፡ ኣብ ማዕከናት ዜናን ርሱን ክትዓት ዝካየደሉ ዘሎ መድረኽ ኢና ዘሎና።

ክቡራት ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት፡ ብዛዕባ እቲ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ በቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ደቂ ህዝቢ ብናይ ዜና ማዕከናት ተገሊጹ ስለዝኾነ ፡ ሎሚ ናብቲ ኣብ 7ይ ክፋል ክንዛረበሉ ኣስፊለ ዝገደፍክዎ፡ ብዛዕባ'ቲ ዓመት መጸ ብዲማክራስያዊ ማሕበር መንእሰይ ኤርትራ ዝዳሎ ሰፊሕ ህዝባዊ በዓል ፈስቲቫል ካሰል ጀርመን ኢና ክንኣቱ። ጽቡቕ ምክትታል ድማ ይግበረልኩም።

ናይ ሎሚ ዘመን ፈስቲቫል ካሰል ናይ 2010 መበል 25 ኢዮበልዩ ዓመቱ ብክብ ዝበለ ፍናንን ዝናንን ኢዩ ተደምዲሙ። ነዚ መበል 25 ዓመት ኢየበልዩ ፈቲቫል  ካሰል፡ እተን ናይ ቀደም ሓርበኛታት ወዓሩ ሰውራ፡ ናይ ሎሚ ድማ ኣደታት ምስ ደቀን ኢየን ድግዲግት ተዓጢቖን ኣካይደናኦ። ይበል ውራይ! እተን ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ቁምጣ ስረ ወድየን፡ ዝናረን ዓጢቐን፡ ብረተን ኣስፊለን ምእንቲ ነጻነት ሃገርን መሰል ሕ.ሰባን ግናባር ጸላኢ ብጥይት ዝትርብዓ ዝነበራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ‘ወዓሩ ሰውራ’  ኣብ መበል 25 ዓመት ኢዮበልዩ ፈስቲቫል ካሰል ንባህሊ ሃገር ዘንጸባርቕ በታ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ዘምበልበላኣ ታሪኻዊት ሰማያት ባንደራ ምስ ኣውሊዓ ዝተኣልመ ባህላዊ ክዳን ተኸዲነን፡ ሽሻየ ማይ ቀሪበን፡ ሕብስቲ ሰሪሐን ሜሰን ጸሚቜን ቡነን ኣፍሊሐን ንዝመጸ ጋሻ ብልዑልና ስተዩልና እናበላ ብጣዕመ ላዛ ዘሎዎ ኣቀራርባ  ካብ ርሑቕን ቀረባን ንዝመጸ ተሳታፍይ ፈስቲቫል ካሰል ከስተኣናግዳኦ ቀኒየን።

ናይ ሎሚ ዘመን መበል 25 ዓመት ኢዮቤልዩ ፈስቲቫል ካሰል ፍሉይነት ከኣ፡
እቲ ባዕሉ ፈስቲቫል ካሰል ዝወለዶ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝካየደሉ ሰሙን ብምባሩ ኪኸውን ከሎ፡ ብካልኣይ ደረጃ ብዝዓበየ ክፋሉ ስራሕ ፈስቲቫል ብደለይቲ መሰረታዊ ለውጢ ዝኾና ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ /ወዓሩ ሰውራ/ ምስልሳሉ ኢዩ።

ኣብ'ቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ መሳ ሃለ ዕላልን፡ ሰሓቅን፡ ዕልልታን ዓሚሩ ኢዩ ቀኒዩ። መብዛሕትኡ ዕላል ብዛዕባ ኣብ እቲ ሰሙን እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያ ለውጢ ኢዩ ዝነበረ። ኣብቲ መጀመርያ መዓልቲ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ሰለስተ ምኢቲ ንላዕሊ ምብጻሑን፡ ብክብ ዝበለ ድምቀትን ስነ ስርዓትን ምጅማሩ ብቐጥታ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጸ ሓብረታ ንተሳታፉይ ፈስቲቫል ምስ ተሓብሮ፡ ኣዳራሽ መሳሃለ ብዕልልታን ጠቓዒትን ደመቐ። እቲ ኣፍራስ ዘጋልብ ኣደራሽ መሳህለ ብፍጹም ሓጎስን ደታን ተመልአ።

ብድሕሪ'ዚ እተን ወዓሩ ሰውራ በታ ታሪኻዊት ነባር ሰማያዊት ባንደራ ዝተኣልመ ባህላዊ ክዳን ተኸዲነን፡ ሕምባሻታትን ኣብ ሞሰብን ኣብ ኢደንን ኣሒዘን፡ ሜስ



ብብርሌታት ዓቲረን፡ ሽምዓ ወሊዐን ናብ መድረኽ ምስ ተቐልቀላ ኣድራሽ መሳሃለ ብዕልልታን ጠቓዒትን ፋጻን ዓሰርተ ዓዳራሽ ኮነት። ነቲ ዝነበረ ፍስሃን ሃጎስን ድማ ሙዚቀኛታት ናብ መድረኽ ደይቦም ብባህላዊ ሙዚቃ ኣሰንይዎ፡ ጓይላ ተሓምበለ ኮነ። ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ካስልን ዕዱማት ኣጋይሽን ስለ እቲ ክብረን ካብ መናብሮም ተሲኦም ብጠቓዓት ሰነይወን፡ ኣሳንዳእቲ ፈስቲቫልን ኣሳሰይትን ድማ ዝያዳ እቲ ውራይ ክምዕርግ ተጓየዩ። ይበል ውራይ ዓጀብ ዘበለ ፍስሃን ሓጎስን ዝዓሰሎ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ መበል 25 ኢዮቤልዩ ፈስቲቫል ካስል በቲ ካሊእ መዳይ ድማ ፈስቲቫል ካስል ዝወለዶ ሃገራዊ ዋዕላ ዝሰላሰለሉ ወቕቲ ስለዝነበረ ድርብ በዓል ኮነ።

ድሕሪ እዚ እቲ ጓይላን ሳዕሳዕትን ሃዲኡ፡ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኮፍ ምስ በሉ፡ ወየን ወዓሩ ሰውራ ደቂ ኣንስትዮ ናብ መድረኽ ደይበን ንተሳታፋይ ፈስቲቫል ካስል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ኢደን እናወዛወዛ ብዕልታ ሓጎሰን ገለጻሉ። ካብዚ ንደሓር ኢዩ እምበኣር መደባት ፈስቲቫል ካስል ሓደ ኢሉ ዝጀመረ።

ብመጀመርያ ድማ እተን ወዓሩ ሰውራ ካብ መድረኽ ከይወረዳ ከለዋ፡ ካብቲ መደባት ፈስቲቫል ካስል ስፖርት ኩዕሶ እግሪ ሓደ ስለዝነበረ፡ እቶም  መንእሰያት ተጻውቲ ኩዕሶ እግሪ ናብ ኣደታቶም ናብ መድረኽ ምስ ደየቡ፡ ፈስቲቫል ካስል በታ "ኤርትራ ናይ ጽባሕ" ዘርእስታ ታሪኻዊት መዝሙር ብምዝማር  መደባቱ ጀመረ። ኩሉ ተሳታፋይ ፈስቲቫል ከኣ ስለ ክብሪ ሰማእታትን ስለ ክብሪ ሃገርን ህዝብን ደው ኢሉ ዘመረ። ስዒቡ ድማ በተን ወዓሩ ሰውራ ዝተዳለወት /ቶርታ/ኬክ ብመስረቲ ፈስቲቫል ካስልን ብዕዱማት ኣጋይሽን ተቖርሰ። ቀጺሉ እታ 25 ዓመት ፈስቲቫል ካስል ዝተጻሕፈ ፍልይቲ ሕምባሻ ብክቡር ፕሮፌሶር ተስፋጽዮን መድሃኔ ተቖርሰት። ድሕሪ እዚ ቅደም ተኸተል ኣብቲ መደባት ተኣትዩ ብመጀመርያ ቃል ኣሰናድኢት ሽማግለ ፈስቲቫል ካስል ብብጻይ ስዒድ ኣደም ተነበብ። ቀጺሉ ንዕዱማት ናይ እንቃዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ብኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፈስቲቫል ብጻይ ዶክቶር ሳህለ ተስፋይ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብቋንቋ ጀርመንን ትግርኛን ተሰምዐ። ስዒቡ ቃል ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብብጻይ ዑቑባዝጊ ድቡስ ተነበብ። ስዒቡ ከኣ ቃልን መልእኽትን ዕዱማት ኣጋይሽን፡ ቃል ማሕበር ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ከይርሳዕ ዘርእስቱ ብብጸይቲ ሂይወት ቀረበ።ኣብ መንጎ እናተዛነቐ ድማ ግጥምታት ብብጸይቲ ኣበባ ዮውሃንስ፡ ብብጸይቲ ፍረወኒ ባይረ፡ ብብጸይቲ ምሕረት ጳውሎስ ቀሪቡ ኢዩ። እቲ ግጥምታትት  ንዝኽሪ ስዉኣትን ክብሪ ሃገርን ህዝብን፡ ንስኒትን ዕርቅን ዝጽውዕ ልቢ ተሳታፋይ ፈስቲቫል ዝመስጥን ኢዩ ነይሩ። ብጠቅላላ ኣዘራርባ እቲ " ብሓባር ንድሕነት ህዝብን ሃገርን" ዝብል ጭርሖ ማእከል ዝገበረ መበል 25 ዓመት ኢዮቤልዩ ፈስቲቫል ካስል ናይ 2010 ዓ.ም ናይ ቀዳም መደባቱ ብከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽክዎ ድሕሪ ምስልሳሉ፡ እዋን ምሳሕ ኣኺሉ ተሳታፊይ ፈስቲቫል በተን ወሓላሉ ወዓሩ ሰውራ ዝተዳልወ ሽሻየ ማይ ተመጊቡ፡ ምሸት ንምሸቱ ናብ በቶም ድምጻውያን ኣርቲስት ሙዚቀኛታት ዝተዋደደ ንባህልን ልምድን ህዝብና ዘንጸባርቕ ድሙቕ ጓይላ ኢዩ ኣትዩ። ኣብዚ ኩዳ ከም እግርኻን ከም ወንኻን ኢዩ ዝነበረ። በቲ ሓደ መዳይ ድማ ጉጅለ ባህሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ዝገበረቶ ዑደት ዝገለጽ ፊልምታት ኣብ ሰፊሕ ስክሪን ይረአ ነበር። እዚ ካብቲ ንተሳታፋይ ፈስቲቫል ዘደነቐን ዘሐጎሰን መደባት ፈስቲቫል ሓደ ኢዩ ነይሩ እንተብልኩ ኣየጋንንኩን። ብጠቕላላ ጉጅለ ባህሊ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝገበረቶ ኣስተዋጽኦ ንህግደፍ ዓቢ ጽፍዒት ምዃኑን፡ ንደለይቲ መሰረታዊ ለውጢ ድማ ዓወት ምዃኑን፡ ብዝያዳ ኸኣ ክምዕብል ከም ዘሎዎን ካብ ብዙሓት ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ዝተቐበልናዮ ለበዋ ሓደራን ኢዩ። ኣብዚ መዓልቲ እዚ ድማ ኣብ ደቡብ

ኣፍሪቃ ዝተኻየደ ናይ ዓለም ውድድር ኩዕሶ እግሪ ኣመልኪቱ ዝዝመር ዝነበረ መዝሙር ብናእሽቱ ደቂ ኣንስትዮ ብዝደንቕ ኣገባብ ንተመልክቲ ዝመስጥ ምርኢት ተራእዩ ኢዩ።

ከምዚ ኢላ ድማ ቀዳም ንባዕላ ኪትብል ወግሐት፡ ሰንበት መዓልቲ ዕላል ኢዩ ነይሩ።ንዓመታት ከይተራኸቡ ዝጸንሑ ብጾት፡ መተዓብይቲ፡ ቤተ ሰብ፡ ረማዕ ኢሎም ልቦም ኣውዲቖም ዘዕሉልላ መዓልቲ ኮነት። ምሳኡ ድማ በተን ወዓሩ ደቂ ኣንስትዮ ዝፈልሐ ቡንን ሜስ ዝተፈላለይ ልስሉስን ደረቕን መስተታት እናኣውረድካ ሕሉፍን ህልውን ተሞክሮታት ምልውዋጥ ናይ መዓልቲ ሰንበት ፍሉይ መደብ ኮይኑ ወዓለ።



ወዓሩ ሰውራ !!

ብምኽኒያት መበል 25 ዓመት ኢዮቤልዩ ፈስቲቫል ካስል ዋንጫ መን ጨበጠ ክካየድ ዝቖነየ ሓይል ውድድር ኩዕሶ እግሪ፡ ተዓወቲ ጋንታት ከከም ደረጃአን ዋንጫታት ተሰሊመን ኢየን። በዚ ኣጋጣሚ ድማ መንእሰያትና እዚ ንኣእሙሮ ዘሕድስን ንዓቕሚ ዘጎልብትን ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ስረሓት ከማዕብልዎን፡ ንሕና እቶም ዓበይቲ ድማ ክንተሓባበሮም ከም ዘሎና ለበዋይ የቕርብ። ነቶም



ካብተን ዝነበራ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ሓንቲ

ብምኽኒያት ፈስቲቫል ካስል መደብ ስፖርት ኣዳልዮም ክሳብ መጭረሻ ዘብጽሑ ብጾት ድማ በዚ ኣጋጣሚ ምስጋናይ የቕርበሎም።

በዚ ድማ መዓልቲ ሰንበት ተወዲኡ ንጉሆ ሰኑይ እውን ቁርስና እናበላዕና ሰንበት ዘይወዳእናዮ ዕላል ኣብ ምምላእ ኢና ኣቲና፡ ከምዚ ኢላ መዓልቲ ሰኑይ እውን ሓሊፋ፡ መዓልቲ ሰሉስ ኩሉ ዓቕምታትና ኣብ ምጽራይ ኣዳራሽን ኣብ ምምላስ ንብረትን ኢዩ ተኣትዩ። ምሸት ሰሉስ ድማ ስራሕና ጨሪሽና ንኣዳራሽ መሳሃለ ተሳናቢትና ጉዕዞና ናብ እቲ ኣብ ማእከል ከተማ ካስል ዝርከብ ክበብ ኣፍሪቃ ዝተባህለ መናሃርያ ኤርትራውያን ዝኾነ ክለብ ኮነ። ኣብዚ እውን እቶም ዝተረፍና ዘይተወድአ ዕላል መሊእና ንጉሆ ሮቡዕ ጉዕዞይ ናብ ከተማ ፍራንፉርት ኮነ።

ድሕሪ መልሲ ካብ ከተማ ካስል ኣብ ፍራንፎርት ንውሕ ዝበለ መዓልታት ኢየ ቀንየ። ኣብ ፍራንክፎርት ብፍላይ ንፌስቲቫል ካስል ዝምልከት ወረ ኣይግድን፡ በዓል ኢንታ መስቀርቀሪ ከም ዝበሃል ነቶም ኣብ ከተማ ካስል ቀኒና ንፌስቲቫል ካስል ዝረኣና ብጸሊም ዓለባ ዝሸፍን ዘራጊቶ ዝኾነ ህቦቡላ ወረ ጸንሓና። ‘ብስሩ ምድሪ ዘሕድግ ጨናዊ ወረ ይብላ ኣደይ ምቁር’ ኣንታ እንታይ ዝኾኑ ኢዮም እዚኦም እንተበልኩስ ልክዕ እዛ ኣብ ላዕሊ ኣቐሚጠያ ዘሎኹ ምስላ ኣብኣ ከላ ብህይወታ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ደበኽ በለት። ከላ ኣፍንጫኻ ዕበስ ተዓረ ወደይ በላ ኢታይ ምቁር፡ በሉ ስራሕና ጥራሕ ንስራሕ፡ በዓል ኣመል ንኣመሉ ዘግድፍ መድረኽ ምስ መጸ ኪገድፎ ኢዩ። ኢዋእ ንባዕሉ ፈኹሱ ዝተርፍ እምበር፡ በትሪ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን እንዲዩ፡ ፈኩስ የፍኩሰካ መጠን ነብሱ ስለዝኾነ ካብ ፈኮስቲ እንጽበዮ ርዝነት የለን እሞ ህዝብናን ሃገርናን ንምድሓን ኣብ እነካይዶ ዘሎና ርብርብ ጥራሕ ተጊህና ንስራሕ ተባሃሂልና ምስ ገለ ብጾት ኣብ ምስልሳል ሃገራዊ ውራይና ኣቶና። ናይ’ቲ ሽዑ ዝነበረ ዝያዳ ዘገደሰና ውራይ ድማ ውራይ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ስለዝነበረ ካብ ጊሓት ካሳብ ምሸት ኣብ ምክትታሉ ኣቶና።ብርግጽ ድማ ነቲ ሃገራዊ ዋዕላ ብደቂቕ ተኸታተልናዮ።



ኣብ ፈስቲVኣል ካስል ካብ ዝተዓወቱ ጋንታ  ኲዕሶ እግሪ ብከፊል።

እቲ ሃገራዊ ዋዕላ ብካብ ዝተፈላለዩ መዓዝናት ዓለም ዝመጹ ኤርትራውያን፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ውድባት፡ በርገሳውያን ማሕበራት፡ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ፡ መንእሰያት ዘካተተ ንመልክዕ ሕብረተስብና ዘንጸባርቐ፡ ኤርትራዊ ዋዕላ ምዃኑ ብዓንተቦኡ ተሓቢሩና ኢዩ። ጸኒሑ እውን እቲ ህግደፍን ተሓባብረቶም ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ከታተውዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ዘየሎ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ብሄራዊ፡ዓለታዊ ፍልልያት ኣብቲ ዋዕላ ድሮ ፍልልይ ከምዘየለ ጥራሕ ዘይኮነስ ብሱሩ እውን ከምዘይተራእየ ኣጥሊልና ዘረጋገጽናዮ ሓቂ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ዝነፍስ ዝነበረ ናይ ፈጠራ ወረ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ነቶም መውረይቱ’ውን ዝጠቕሞም ኣይኮነን። ሓደ ተዋዛያይ ኤርትራዊ ኣብ መገዲ ጎፍ ኢሉንስ ኣንታ እንታይ ደኣሉ ናይዚ ከተማኹም ወረ፡ ዳኛ ዘይብሉ ወረ!! ከም ዋዛ ኣምሲለይ ይሓቶ እሞ፡ ኣንታ ሱቕ እስከ በል ገዛኢ ሓወይ ኣንታ እቲ ትምክሕቲ ዝብሉዎ ሰብኣይ እንዲዩ ኣብ ዝባኖም ተጻዒኑዎምስ ብስሩ መትሓዚ ዘይብሉ ናብ ዝኸደ ይኺድ ወረ የውርዩ ኣሎዉ እንታይሞ ፈሊጥና ኢልካና ኢኻ፡ እዚ ትምክሕቲ ዝብልዎ ኣብ ሃገርና ዝገብሮ ዘሎ ጥፍኣት ከይኣኽሎስ ኣብዚ መጺኡ ከኣ እኖሆልካ ይዕንድር ኢሉ ኣስሒቑኒ። ከላበል ምሕረት የውርደሎም እምበር እንታይ ይበሃል ኮይኑ ኢልና ድማ ናብ ካሊእ ዕላልና ኣቶና ንብለኩም።

ክቡራት ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት 'ትምክሕቲ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ንዓይ ከም ዝርደኣኒ ኣነ ይበልጽ፡ ኣነ ይፈልጥ፡ ኣነ ይሕይል፡ መን ከማይ ምስ ዝብሉ ቃላት ጥቡቐ ምትእስሳር ዘሎዎ ኢዩ፡ እዚ ድማ ዓይኒ ማዩ ድንቁርና ኢዩ። ዘይብስለት ዘምጽኦ ገልጠምጠም ኢዩ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣሒዝካ ድማ ንኣብ ኣስመራ ዘሎ ትምክሕቲ ክወድቐ ኣሎዎ ምባል ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ ኢዩ ዝኸውን። ህዝቢ ኤርትራ ግን ብትምክሕቲ ሓሳረ መከራኡ ስለ ዝረኣየ፡ ትምክሕቲ ዝበሃል ሓንሳብን ንሓዋሩ ካብ ምድረ ኤርትራ ሓግሒጉ ብምድርባይ፡ ሰላምን ሕውነትን ምጽውዋርን ዝነገሳ ህዝባዊት ዲሞክራስያዊ ኤርትራ ክሃንጽ ኢዩ ዝደሊ። ሎሚ ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ ኣተሓሳስባ፡ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ጸላኢ ሰላም፡ ጸላኢ ሕውነት፡ ጸላኢ ዲሞክራሲ ሰለ ዝኾነ ' ካብ ብሕጂ ዝነቀወ ዝብእስ ኣየሕድረንን'' ከም ዝብሃል ምስላ ቀዳሞት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብደቅና ዝብል የዋህ ኣተሓሳስባ ንካልኣይ ጊዜ ከይጋገ ክጥንቀቐ ኣሎዎ በሃላይ ኢየ።

ሰናይ ቅነ !!

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ውድቀት ንህግደፍን ኮራኹሩን!!

ይቕጽል……….